ነጻ ማሕበር ኤርትራውያን ደቂ-ኣንስትዮ ንሰላምን ዲሞክራስን

جمعية المرأة الإرترية المستقلة من أجل السلام والديمقراطية

Independent Eritrean Woman's Association For Peace & Democracy

# ደምዳሚ መግለጺ

## ደምዳሚ መግለጺ ሓምሻይ ጉባኤ ናጻ ማሕበር

## ደቂ-ኣንስትዮ ኤርትራ ንሰላምን ዲሞክራሰን ዞባ ኣውረፓ

ሓሙሻይ ጉባኤ ናጻ ማሕበር ደቂ-ኣንስትዮ ኤርትራ ንሰላምን ዲሞክራስን ዞባ ኣውረፓ ብዕለት 14/2 2020 ኣብ ከተማ ሄለስሎው ሃገረ ደንማርክ ተሰላሲሉ። ከምቲ ልሙድ ምልኣተ ጉባኤ ድሕሪ ምርግጋጽ ሓምሻይ ዞባዊ ጉባኤ ብወግዒ ተኸፊቱ።

ጉባኤና ዘተገብረሉ እዋን፣- ስርዓት ህግደፍ ህዝብና ዝኸፍሎ ሰፍ ዘይብል ዕዳ ንምስካም፣ እቲ ወራሰ ሕድርን፣ ተቐባል ዖሎዶን፣ ሓላፍነትን፣ ዝኾነ መንእሰይ ንምንጻፍ ዝዓለመ፣ ንዓመታት ዝወሰደን ዘይቑረጽን ጉዕዞ ኣብ ዝሃለወሉ፣ ከም ሳዕቤኑ ድማ ማህጸን ወላዳት ጎራዙ ሃገርና፣ ከም ዝባድም ብምግባር፣ እሕሕ ዝብል መንእሰይ ዘይብላ ሃገር ንምስራሕ፣ ህዝብና ዘይፈልጦ ስውር ውዕላት ስምምዓት የካይድ'ሎ ብዝብል፣ ኣብ ከቢድ ስግኣት ኣትዩሉ ኣብ ዘሎ ግዜ፣ ብሓፈሽኡ ኤርትራ ናብ ኣዝዩ ዝኸበደ ሓደጋ ኣብ ትንቀተሉ ዘላ እዋን'ዩ ተኻይዱ።

ሓሙሻይ ጉባኤና፣ እታ ንኽልተ ዓመት ክትመርሕ ዝጸንሐት ኣካያዲት ሽማግለ ናጻ ማሕበር ደቂ-ኣንስትዮ ኤርትራ ንሰላምን ዲሞክራሲ ዞባ ኣውረጳ፣ ጸብጻባታ ድሕሪ ምቕራብ ጉባኤ እትመርሕ ስክረታርያ ካብ ጉባኤኛታት ተመሪጻ

ዝቐረበ ጸብጻብ ዝኣክል ክትዕን ገምጋምን ድሕሪ ምግባር ንድፊ መደብ ዕዮን ውሽጣዊ ሕግን ናጻ ማሕበር ንኽትዕ ወሪዱ። ዝግባእ ምይይጥን ምትዕርራያትን ምጽፋፍን ድሕሪ ምግባር ብምሉእ ድምጺ ጸዲቑ።

ጉባኤና ንኤርትራዊት ጋል-ኣንስተይቲ ኣብ ሃገርና ተሕልፎ ዘላ ደረቱ ዝሓለፈ ግፍዕን ምረቱን፣ ኣብ ጉዕዞ ስደትን ስደትን ዝጋጥማ ዘሎ ዘስካሕክሕ ሽግራት ኣመልኪቱ፣ እቲ ህዝብና ዝጽንት ዘሎ ስርዓት ህግደፍ ንምልጋስ ብሓደ ሸነኽ፣ ፍትሕን ርትዕን ምዕሩይ ምሕደራ ዝሰረቱ ዲሞራሲያዊ ስርዓት ንምትካል ድማ በቲ ካላኣይ ማሕበርና ምስ ኩሎም ናይ ፍትሒን ዲሞክራስን ተቓለስቲ ውድባት፣ ማሕበራት መንእሰያት ወዘተ ሓቢራ ክትሰርሕ ለብዋታት ብምስናይ ጉባኤኛታት ኣሰሚረናሉ።

ኣብ መወዳእታ ንዝቕጽል ክልተ ዓመት እትመርሕ 5 ዝኣባላታ ምስ-2 ተጠባበቕቲ ሓዳስ መሪሕነት ካብ ጉባኤኛታት ብዲሞክራስያዊ ኣገባብ ብምምራጽ ጉባኤ ማሕበር ብዓወት ተዛዚሙ።

ዝተመርጸ ኣባላት መሪሕነት ማሕበር፣ ቦኽሪ ኣኼበን ብምግባር ናይ ስራሕ መደባትን ሓላፍነትን ምክፍፋል ብምግባር፣ ናብ ስራሕ ኣቕኒዐን ይርከባ

በዚ መልክዕ ዕማማት ሓምሻይ ዞባዊ ጉባኤ ናጻ ማሕበር ደቂ -ኣንስትዮ ኤርትራ ንሰላምን ዲሞራሲን ዞባ ኣውረጳ ብዓወት ተዛዚሙ

ዓወት ንፍትሓዊ ቃልሲ ውጹዓት ኤርትራዊያን

ዘልኣለማዊ ዝኽሪ ንሰውት

ውድቀት ንናይ ዓመጽ ስርዓታት

14/2 2020